# 5 ዓይነት መንገዲ ነብስኻ ንምክልኻል

ገዛ ምስ ዘካረየካ ግለሰብ ወይ ከኣ ዋና ገዛ ሽግር የብልካን ትኸውን።ይኹን እምበር ኩነታት ክቕየር ይኽእል ይኸውን። ነዚ ኸኣ እዩ ተዳሊኻ ምጽናሕ ኣድላይ ዝኸውን። ኩሉ ኣድላይ ሞርተያ ይኹን ቅብሊት ኣብ ጽቡቕ ቦታ ሓቑፊ ወይ ከኣ ዓቢ ቦስጣ ምዕቃብን ከምኡድማ ነብሲ ወከፍ ኩነት ምምዝጋብን ጠቓሚ እዩ። ኣብርእሲኡ ኸኣ እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ምምልካት ኣድላይ እዩ።

## 1. ቅብሊት ተቐበል፡

⇒ ክራይ ምስ ከፈልካ ናይ ቅብሊት ወረቐት ናይ ምሕታት መሰል ኣሎካ። ይኹን እምበር ብሕጊ መሰረት ዋና ገዛ ወይ ኣካራዪ ቅብሊት ዝህብ ብጥረ ገንዘብ ምስ እትኸፍል ጥራሕ እዩ። እቲ ኣካራያይ ገንዘብ ከፊልካ ቅብሊት እንተዘይሃበካ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ገንዘብ ከምዝኸፈልካዮ ዘረጋግጽ ሞርተያ ክህልወካ ክትገብር ኣሎካ። ነዚ ኸኣ እዩ እንተኽእልካ ኩሉ ጊዜ ብቸክ ወይ ከኣ ብናይ ባንኪ ገንዘብ ትእዛዝ (ሜኒ ኦርደር) ምኽፋል ተመራጺ ዝኸውን። ኣብርእሲኡ ኸኣ ክትከፍል ከሎኻ ምስክር ይሃሉኻ።

## 2. ብጽሑፍ ኣቐምጥ፡

⇒ ኩሉ ዘጋጠመ ነገር ብጹሑ ምቕማጥ ወሕሉል ሞርተያ ምዕቃብ ይኸውን። ንዳሕራይ ብዛዕባኻ ንዝለዓል ታሪኽ ንምግላጽ ወይ ምርግጋጽ ይጠቕመካ። ኣሸማት፤ ዕለታት፤ ዘጋጠሙ ከምኡውን ኣድላይ ሓበሬታ እዩ እትብሎን ጽሓፎ።

⇒ ንኣከራያይ ናይ ገዛ ጽገና ወይ ከኣ ቦታ ክትለቅቕ ምኽንኻ ክትሕብሮ እንተደሊኻ ዕለትን ፊርማኻን ብዘለዎ ጽሑፍ ተወከሶ፤ ቅዳሕ ናይቲ ደብዳበ ኸኣ ንርእስኻ ዓቅብ።

⇒ ካብ ኣካራይኻ ዝወሃበካ ደብዳበ ንኣብነት ከም ናይ ክራይ ወፅል፤ ናይ ጽገና ሪፖርት ከምኡውን ዝተፈላለዩ ደብዳቤታትን ምልክታን ብጥንቃቐ ኣንብቦምን ሓዞምን።

## 3. ምስክር ይሃሉኻ፡

⇒ ብዙሕ ግዜ ኩሉ ትገብሮ ነገር ብጽሑፍ ወይ ከኣ ብስእሊ ዝተደገፈ ከይከወን ይኽእል። ለለዚ ኩነታት ዝገልጽ፤ ዝረኣየን ዝሰምዐን ምስክር ምህላው ጠቓሚ ይኸውን። ምስክር ማለት ግለሰብ ወይ ከኣ ግለሰባት ካብቶም ምሳኻ ዝነብሩ ወጻኢ ዝኾኑ ማለት እዩ። መዳርብትኻን ዓርክኻ/ሽርክኻን ከም ብቁዐት ምስክራት ክቖጸሩ ኣይክእሉን እዮም።

## 4. ስእሊ ኣልዕል፡

⇒ ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ሽሕ ቃላት ሓንቲ ስእሊ ጠቓሚ ግምት ይህልዋ። ስእሊ ዝጸበቐ ሞርትያ እዩ። ኣብ ድሕሪ እቲ ስእሊ ዝተልዓለሉ መዓልትን ግዜን ጽሐፈሉ። እቲ ስእሊ ትኽክለኛ ንምዃኑ ምስክር ክፍርሞሉ ይኽእል እዩ።

⇒ ሓደ ሽግር ምስ ዘጋጥም ቀልጢፍካ ስእሊ ኣልዕል። ምኽንያቱ እቲ ኣካራዪ ነቲ ዘጋጠመ ሽግር ክሓብኦ ወይ ከኣ ነቲ ሞርቶያ ከበላሽዎ ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ጽቡቕ ሞርትያ ኣይህልወካን።

## 5. መሰልካን ግዴታኻን ፍለጥ፡

⇒ ኩሉ ትገብሮን ንዓኻ ጽቡቕ ዝመስለካን ብሕጊ ዝተደገፈ ከይከወን ይኽእል። ስለዚ እቲ ነገር ቅድሚ ኣብ ወስብስብ ምእታዉ ሕጊ ብዛዕቡኡ ኣንታይ ከምዝብል ኣቐዲምካ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ።

ናይ ኢንተርነት ድሕረገጽ (በብቛንቋኡ) ንፍላጥ፡ www.tenants.bc.ca ተወከስ

ሓበሬታ ንምርካብ (ብእንግሊዝ ጥራሕ) ኣብ ቫንኮቨርን ከባቢኣን፡ (604) 255-0546

ሓበሬታ ንምርካብ (ብእንግሊዝ ጥራሕ) ካብ ቫንኮቨር ወጻኢ (ዘይክፈሎ ስልኪ) 1-800-665-1185